መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# እቲ ርህሩህ ሳምራዊ



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- M. Maillot; Lazarus
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen; Sarah S.

ትርጉም ፥ Daniel Efrem

ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣


"መምህር! ናይ ዘልኣለም ህይወት
ንክረክብ'ሲ እንታይ ክገብር"፡ ነዚ
ሕቶ ዝሓተተ ሰብኣይ ፈላጢ ሕጊ እዩ
ዝነበረ፡ ንየሱስ ንክፍትኖ ድማ እዩ
ከምኡ ዝበለ። "ኣብ ሕጊ'ስ
እንታይ ተጽሒፉ ኣሎ?!"
የሱስ ተመሊሱ
ንዑኡ ሓተቶ።


ንሱ ኸኣ "ንእግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ብሉእ ሓይልኻ ኣፍቅሮ፥
ንብጻይካ ድማ ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ"
በሎ። ድጊሙ ድማ "ግን መን እዩ
ብጻየይ?!" ኢሉ ሓተተ።

የሱስ ድማ ሕቶኡ ንምምላስ፡ ናይ ሓደ ካብ ዮርሳሌም ናብ ያሪኮ ዝጉዓዝ ዝነበረ ሰብኣይ ታሪኽ ነገሮ። እቲ ሰብኣይ ኣብ መንገዲ ብከተርቲ ተቀጥቀጠ፡፡



እቶም ከተርቲ ንኹሉ ምስኡ ዝረከብዎ ንብረት፡ እቲ ምስኡ ዝነበረ ክዳውንቲ ከይተረፈ ወሰድሉ። ንሳቶም ክሳዕ ክመውት ዝደሊ ቀጥቂጦም ኣብ ሓደ ጸግዒ ናይቲ መንገዲ ደርቤምዎ ከዱ።




ዕድል ክገብር ሓደ ካህን ብኡኡ ይሓልፍ ነበረ። እቲ
ቆሲሉ ዝነበረ ሰብኣይ እቲ ካህን ክሕግዞ ተስፋ
ገይሩ ነበረ። ግን ኣይሓገዞን! ንሱ እቲ
ቆሲሉ ዝነበረ ሰብኣይ
ደም ክፈሶ
ምስ ርኣየ፡ በቲ ሓደ ጸግዒ
ናይቲ መንገዲ ተጸጊዑ ሓለፈ።

ድሒሩ ድማ ሓደ ሌዋዊ በቲ መንገዲ ይሓልፍ ነበረ። ንሱ ነቲ እቀዲሙ ዝሓለፈ ካህን ኣብቲ ቤት መቕደስ ዝሕግዞ ነበረ። ንሱ ነቲ ዝቆሰለ ሰብኣይ ከይዱ ርእዮ እሞ ግን ከይሓገዞ ከደ!



ኣብ መወዳእታ ሓደ ሳምራዊ ሰብኣይ ካብ ርሑቕ መጺኡ ብኡኡ፡ በቲ መንገዲ ይሓልፍ ነበረ። ኣይሁድ ምስ ሳምራውያን ኣይፋተውን እዮም ነይሮም። እቶም ነቲ የሱስ ዝነግሮም ዝነበረ ታሪኽ ዝሰምዑ ዝነበሩ ሰባት እቲ ሳምራዊ ክሕግዞ እዩ ኢሎም ኣይሓሰቡን። እቲ ሳምራዊ ሰብኣይ ግን ሓገዞ! ካብቲ መገዱ ንክሕግዞ ኢሉ ጠጠው በለ!



እቲ ሳምራዊ ተንበርኪኹ፡ ቀስ ገይሩ
ድማ ፈውሲ ገይሩ ነቲ ቁስሉ
ብጨርቂ ጠቕለሎ። ድሕሪ እዚ
ድማ ኣብ ኣድጉ ጽዓኖ።



እቲ ሳምራዊ ሓደ ሆቴል፡ ምሉእ
ምሸት ክሕግዞ ኣምሰየ።



ምስ ነግሀ ድማ፡ ነቲ በዓል ሆተል ክሳዕ ዝሓዊ ተከናኸኖ ኢሉ ገንዘብ ሃቦ።



እቲ ታሪኽ ምስ ተወድኣ የሱስ ከምዚ ኢሉ ሓተተ፡
"ነቲ ዝቆሰለ ሰብኣይ'ሲ መን እዩ ብጻዩ?"






እቲ ፈላጥ ሕጊ
ድማ "እቲ ምሕረት
ዘርኣየ፡ ሳምራዊ
ምበልኩ" በሎ።


የሱስ ድማ" ንስኻ ድማ ኪድ እሞ ከምኡ ግበር"
በሎ:: ብጸይነት ማለት ነቲ ሓገዝ ዘድልዮ ሓውኻ
ምሕጋዝ እዩ። ፍቅርና ድማ
ብከምዚ ናይዚ ሳምራዊ
ክንገልጾን ንኣምላኽ ድማ
ብኸምዚ ክንሕጉሶን
ኣሎና።

እቲ ርህሩህ ሳምራዊ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ሊቃስ 10

”ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።” መዝሙር 119፥130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቐቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኹ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን
ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16